# ትኽትኽታ

Public Health
Seattle & King County

## ትኽትኽታ እንታይ እያ?



ትኽትኽታ ፡ ፐርቱሲስ (pertussis) ተባሂላ’ውን ትፍለጥ፤ ኣብ ኣየር ብዝዝርጋሕ ባክተርያ ትመጽእ እያ። ቀዳሞት ምልክታት ትኽትኽታ ከም ልሙድ ሰዓል ክጅምሩ ይኽእሉ። ጸኒሑ ናብ ሓያል ሰዓል፣ ተምላስ ወይ ጸገም ምስትንፋስ ክቕየር ይኽእል።

## ኣብ ኪንግ ካውንቲ እንታይ ይፍጸም ኣሎ?



ኣብዚ ኣብ ኪንግ ካውንቲን ኣብ መላእ ኣሜሪካን ሕሙማት ትኽትኽታ ይውስኹ ኣለዉ።ብዙሓት ካብቶም ዝሓሙ ሰባት ህጻናት እዮም፤እንተላይ ዕሸላት። ገሊኦም ድማ ኣብ ሆስፒታል ይሕከሙ ኣለዉ።

## እንታይ ክገብር?

ክታበት እቲ ዝበለጸ መንገዲ ምክልኻል ትኽትኽታ እዩ። ብፍላይ ን ዕሸላትን ነፍሰጾራትን ኣገዳሲ’ዩ፤ ምኽንያቱ ዕሸላት ኣዝዮም ክሓሙ ስለ ዝኽእሉ። ክታበት ትኽትኽታ ንነፍሰጾራት ሓዊሱ ንህጻናትን ዓበይትን ውሑስ እዩ።

ክታበት ከም ዝኾነ መድሓኒት ጎናዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ። እቶም ዝበዝሑ ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማት ኮይኖም ባዕሎም ይገድፉኻ። ኣየናይ ክታበት ንዓኹም ከምዝምጥን ንምርኣይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰንጠረዥ ርኣዩ።






| ዕሸላትን ንኣሽቱ ህጻናትን | ቅድሚ ዕድመ ንእስነት ዝርከቡ | ጥኑሳት ሰባት | ዓበይቲ 19+ |
|---|---|---|---|
| ዲታፐ (DTaP) | ቲዳፐ (Tdap) | ቲዳፐ (Tdap) | ቲዳፐ (Tdap) |
| 2፣ 4፣ 6 ወርሒ<br>ካብ 15-18 ወርሒ<br>ካብ 4-6 ዓመት | ካብ 11-12 ዓመት | ሳልሳይ 3 ወርሒ(ትሪሚስተር)<br>ናይ ነፍሲ ወከፍ ጥንሲ | ኣብ ዝኾነ ግዜ ነቶም<br>ረኺቦሞ ዘይፈልጡ |

ሓኪም የድልየኩም? ንፕሮግራም ተበጻሕነት ጥዕና ማሕበረሰብ ብ 1-800-756-5437 ብምድዋል ወይ ብኢመይል CHAP@kingcounty.gov ርኸብዎም።

ብዛዕባ ትኽትኽታ ዝያዳ ንምፍላጥ: bit.ly/kcpertussis

30/7/24
Tigrinya